## ብትካል Aide aux Migrants እዩ ኣተኣላላያ ዝግበረልኩም ዘሎ
## እዚ ሓበሬታ እዚ ንዓኹም ዘገድስ እዩ

*ናይ ዝቐጽል ወርሒ ገንዘባዊ ጠቐማዊ ሓገዛት፡ ኣብ ልሙድ እዋኖም ክኽፈሉ እዮም። እቶም ናይ ሓባር መንበሪ ማእከላት ክፉታት እዮም።*

እዚ ምስ ኮሮና-ቫይረስ ዝተኣሳሰር ህሉው ቅልውላው ኣብ ቦታኡ እንከሎ፡ ትካል ሆስፒስ ጀነራል (Hospice général) ተጠቀምቲ ኣገልግሎታቱ ንዝኾኑ ሰባት ደገፍ ምግባር ይቕጽል ኣሎ።

ትካል Hospice général ምስ ጥዕና ብዝተኣሳሰር ምኽንያት ኣብ Eugène-Lance ከምኡ'ውን Bouchet ንዝርከቡ ምምሕዳራዊ ኣሃዱታቱ ይዓጹ ኣሎ። ይኹን እምበር ኣሳለጥቲ ማሕበራዊ ጉዳያትኩም ቀጺሎም ንሕቶታትኩም ኣብ ምምላስ ንጡፋት ኰይኖም ክሰርሑ እዮም። ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ክትረኽብዎም ትኽእሉ ኢኹም፡- ብተሌፎን፡ ኢ-መይል ወይ ዋትስ-ኣፕ (WhatsApp)።

**ናይ ዝቐጽል ወርሒ ገንዘባዊ ጠቐማዊ ሓገዛት፡ ኣብ ልሙድ እዋኖም ክኽፈሉ እዮም። ዝዕገት ክፍሊት ኣይክህሉን እዩ፤ ብሰንኪ ጉድለት ሰነዳት እውን እንተኾነ።**

ይኹን'ምበር፡ ሰነዳትኩም (ብመልክዕ ፒ.ዲ.ኤፍ./PDF, .doc፡ .docx፡ .jpeg ወይ ድማ ብመልክዕ ካልእ ዓይነት ረቂቕ ቅዳሕ) ከተረክቡና ምስእትደልዩ፡ ናብ'ቲ ልሙድ ኣድራሻ ናይ ኣሃዱኹም ብኢ-መይል ልኣኽዎም ኢኹም። ናይ ኢ-መይል ኣድራሻ ምስዘይህልወኩም፡ ሰነዳትኩም ስማርት ዝዓይነተን ተሌፎናት (smartphone) ተጠቒምኩም ክትሰዱልና ዝከኣል እዩ።

ንኣሳላጢ/ት ማሕበራዊ ጉዳይኩም ክትረኽብዎ/ዋ እንተዘይክኢልኩም፡ ነዚ ቀጺሉ ዝጥቀስ ቍጽሪ ተጠቒምኩም ብመስመር ናይ ህጹጽ ሓገዝ ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም፡-

**022 420 58 98**

**ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ፤ ካብ ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ. ክሳብ ሰዓት 3:00 ድ.ቀ.**

ኣብ ፌደራላዊ ማእከላት ሓተትቲ ዕቑባ ዝርከቡ ሰባት፡ ካብ ሰዓት 8፡30 ቅ.ቀ. ክሳብ ሰዓት 12፡00 ማለት ፍርቂ-መዓልቲ ከምኡ'ውን ካብ ሰዓት 1:30 ድ.ቀ. ክሳብ ሰዓት 5:00 ድ.ቀ. ኣብ ዘሎ እዋን፡ ኣብ ኣሃዱ ቡከት/Bouchet ናብ ዝርከብ መቐበሊ ማእከል ክኸዱ ይግባእ። ኣድራሻ ናይ'ዚ ማእከል Avenue de Meyrin 49, 1203 Geneva እዩ።

**እቶም ናይ ሓባር መንበሪ ማእከላት፡ መንበሪ ቦታታት ስለዝኾኑ ክፉታት እዮም።**

ሓንቲ ብሰራሕተኛታት ሆስፒስ ጀነራል ዝቔመት ጕጅለ፡ ንጉዳይ ጽገና ማእከልን ዝርግሐ ሓበሬታዊ ጽሑፍን ክትከታተል እያ። እዛ ጕጅለ እዚኣ መዓልታዊ ኣብ ነፍሲወከፍ ማእከል ክትርከብ እትኽእል እያ።